# ምፍልላይ ንረብሓ ኰልና ዝሕግዝ ኣይኮነን

ቀለታ ኪዳነ 21.1.05

ህዝብና ኣስላማዩ ክስታናዩ፡ ከበሳኡ መታሕቱ ብስርዓት ኢሳያስ ይጭፍጨፍ ኣሎ። እቲ ሎሚ ኣብ መርበብ ሓበሬታታት ዝጽሓፍ ገሊኡ ጽሑፋት ክርኢ ከሎኹ ግን ኣብ ክንዲ ንህዝብና ብኸመይ ነድሕኖ? እንታይ ንግበር? ኢልካ ምምኽኻርን ምምይያጥን፡ ከበሳ ንመታሕት በዲሎሞ፡ መታሕት ንከበሳ ሓሪዶሞ፡ ዝብል ናይ ነዊሕ ዓመታት ጽልእን ቅርሕንትን ፍሒርካ ኣብ ኢንተርነት ብዝወጽእ ጽሑፋት ኣብ መንጎ እቲ ብሓደ ዝጭፍጨፍ ዘሎ ህዝቢ ኵናት ክእጎድ ፈተነታት ክካየድ ክርኢ ከሎኹ ብጣዕሚ ኣተሓሳሲቡኒ። ነቲ ጸግዕኻ ሒዝካ ስቕ ኢልካ ምርኣይን ምስማዕን ዝብል ልሙስ ዘስፋሕፍሕ ዘሎ ሕማቕ ባህሊ ክፍንጥስ ከኣ እግደድ።

ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፉተይ ብገለ ገለ ኣጋጣሚ ከም ዝሓበርኩዎ ኣብ መታሕት ዝተቐመጥኩዎም ዓመታትን ኣብኡ ዘጥረኹዎም ፈተውትን ሒደት ኣይኮኑን። ንደቂ ከባሳ ምስ ደቂ መታሕት ኮነ ኣመንቲ ምስልና ብኸበሳውነቶም ጥራሕ ሽግር ከጋጥሞም ከኣ ርእየ ኣይፈልጥን። ንደቂ መታሕት እውን ኣብ ከበሳ ከምኡ። ብተመክሮይ እቲ ሽግር ካብ ነብሸኻ ኢዩ ዝጅምር። ዝፈቶኻዮ ይፈትወካ፡ ዘኽበርካዮ የኽብረካ። ሃይማኖቱ ዘኽበርካሉ ከኣ ሃይማኖትካ የኽብረልካ። ጠባይ ደቂ ሰባት ከኣ በብውልቆም ዝምዘንን ዝፈላለን እምበር ብከበሳን መታሕትን ጥራሕ ዝዕቀን ኣይኮነን።

ወለድና ኣስላሞምን ክርስትያኖምን ብሰላም ይነብሩ ኔሮም። ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ስለዝነበሩ ግን ገዛኢ ብሃይማኖትን ብዓሌትን እውራጃን እናፈላለየ ክገዝኦም ጸኒሑ ኢዩ። ገለ ካብኡ እቲ ኮማንዶስ ከቲቡ ምስ ጦር እናውፈረ ንምዕራባውን ምብራቓውን ቆላታት ኤርትራ ምጥፋእን ንህዝቡ ምጽናትን ዝብሃል ዘሎ ኢዩ። ጸላኢ ግን ብመታሕት ጥራሕ ኣይተወሰነን። እቲ ቃልሲ ንከበሳ ኣቢሉ ምስ ደየበ እቲ ምቕታልን ምጽናትን ኣብ ከበሳ እውን ቀጺሉ ኢዩ። ኢሳያስ እውን ነቲ ናይ ኣብሓጎታቱ ሜላ ሒዙዩ ንስራሕ ወፊሩ። ዓማ ንክርስትያን ሓሪዳ፡ ንኽርስትያን ኣጥፊኣቶም እንታይ ትጽበዩ ኣሎኹም? እናበለዩ ሓይሉ ኣደልዲሉ። ስርዓት ኢሳያስ ሎሚ እውን ሒዙዎ ዘሎ ሜላ ንህዝቢ ፈላልዩን ኣባኢሱን ኣብ ስልጣን ናይ ምጽናሕ ኢዩ።

እወ ሎሚ እውን ኣብ መታሕት መሬት ገባር ደቂ ዓዲ እናዘመተ ንደቂ ከበሳ የጣይስ ከም ዘሎ ኣሉ ኣይንብሎን ኢና። ኣብ ከበሳ እውን መሬት ገባር ደቂ ከበሳ እናዘመተ ንክርስትያን ኮነ ንኣስላም ብዘይ ምፍልላይ ብዶላር ይሸጦ ምህላዉኸ ንምንታይ ዝርሳዕ? ቅሩብ ናይ ከበሳ ምንቅስቓስ ክስማዕን ክጨኑ ከሎ ከኣ ነቶም ኵሎም ቋንቋ ትግርኛ ዘይሰምዑ ደቂ መታሕት ወትሃደራቱ እናምጽኤ ከም ዝጭፍጭፎምን ነቲ ምንቅስቓስ ከም ዘጥፍኦን እውን ንፈልጥ ኢና። እቲ ንህዝቢ ከበሳ ዘጥፍእ ዘሎ እቲ ስርዓት ኢሳያስ እምበር እቲ ናይ መታሕት ህዝቢ ኢዩ ክንብል ግን ኣይኻኽእልን። ሎሚ ደቂ መታሕት ክርስትያን ደቂ ከበሳ መሬትና ይዘምቱ፡ ንህብና እውን የጥፍኡ፡ ኣለዉ ከም ዝብሉ ንሰምዕ ኣሎና። ደቂ ከበሳውን ኢሳያስ ክርስትያን ስለዝኾነ ክርስትያን ንኽርስትያን ይጣፍኡ ግደፉዎም፡ ኢሎም መብዛሕትኦም ኣሕዋትና ኣመንቲ ምስልምና ወይ ደቂ መታሕት ብናትና ጥፍኣትን ወጽዓን ይሕጐሱ ኣለዉ ዝብሉውን የጋጥሙና ኢዮም።

ኣብ እዋን መግዛእቲ ስርዓት ኢትዮጵያ ጦር ሰራዊት ኣብ ገለ ቦታታት ክርስትያን ዲኻ ኣስላማይ እናበሉ ነቶም ኣስላም ፈልዮም ይሓርዱ ከም ዝነበሩ ኣሉ ዝበሃል ኣይኮነን። እዚ ከኣ ንምፍልላይ ኢሎም ዝገብሩዎ ዝነበሩ እምበር ነቶም ክርስትያን ካብቶም ኣስላም ፈልዮም ስለዝፈተዉዎም ኣይነበረን። ነቶም ኣስላም ምስ ኣጥፍኡ ናብቶም

ክርስትያን ከም ዝተሳገሩ፣ እሞ ቤተክርስትያናት ከም ዘንደዱን ኣቕሸሸቲ ከይተረፈ ከም ዝሓረዱን እውን ኹሉ ሰብ ዝፈልጦ ጉዳይ ኢዩ። ኣብቲ ሽዑ ዘጋጠመ ሕማቕ ጊዜ፣ ጐረባብቶም ኮነ ኣዕሩኽቶም ኣስላም ከይሕረዱዎም ካብ ንዕኦም ትሓርዱ ኣቐዲምኩም ንዓና ሕረዱ ኢሎም ንኣሕዋቶም ኣስላም ለሚኖም ዘድሓኑን፣ ከምኡውን ኣሕዋቶም ኣስላም ከይሕረዱዎም ዝተፈላለየ ናይ ክርስትያን ምልክታት ዓዲሎሞም ንኣሕዋቶም ኣስላም ካብ ማሕረዲ ዘድሓኑ ክርስትያን እውን ንፈልጥ ኢና።

እቲ ጽቡቕ ከይተረፈ እውን እምበር ከኩፉኡ ጥራሕ ምዝካርን ነዚ ሓድሽ ወለዶ ምስትምሃርን ከኣ <u>ንረብሓ ኹልና ዝሕግዝ ኣይኮነን።</u> ኤርትራ ንኣስላምን ክርስትያንን ብሓደ ትብጽሖም ስለዝኾነት ከኣ ኣስላማይ ብዘይ ክርስትያን፣ ክርስትያን እውን ብዘይ ኣስላማይ፣ መታሕት ብዘይ ከበሳ፣ ከበሳ እውን ብዘይ መታሕት ክንበር ኣይክእልን ኢዩ።

ስለዝኾነ ከኣ እቲ ዝርኤ ዘሎ ናይ ምፍልላይን ናይ ጽልኢ ሰራውር ምሹዓትን ብዘይካ ንረብሓ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ኢሳያስ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ እምበር ንከበሳ ኮነ ንመታሕት ክጠቅም ኣይክእልን ኢዩ። እቲ ደቂ መታሕት ብፍላይ ብዛዕባ መሬቶም ዘቕርቡዎ ዘለዉ ምኽንያትን ወጽዓን ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን። ንዝመጽእ ብሰላምን ከይተዓማመጽና ተፋቒርናን ትኣማሚናን ንነብረሉ መደባት ካብ ሎሚ ንሓንጽጽ ምባሎም እውን ዝጽላእ ኣይመስለንን። ናብ ሕብረተሰቦምን መሬቶምን ንዝወረደ በደላት ብግቡእ ነቶም ኣሕዋቶም ክርስትያን ክሕብሩን ከረድኡን ምኽኣል እውን ዝያዳ የቀራርብ እምበር ኣየጻልእን።

ካብኡ ብዝተረፈ ግን ነቲ ቀደም ኮነ ሎሚ ኣብ መታሕት ተጌሩን ይግበር ኣሎን ዝበሃል ገበናት ገዛእቲ ነዚ ሎሚ ምስኣቶም ዝግረፍን ዝቕጥቀጥን ዘሎ ህዝቢ ከበሳ ወይ ክርስትያን ከልግብሉ ግን ሓቅነት ዝጐድሎ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ብዘይካ ጽልእን ቅርሕንትን ካልእ ረብሓ ክህብ ዝኽእል ኣይመስለንን።

ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመት ብዛዕባ እዚ ጉዳያት እዚ ኮነ ካልእ ንዕኡ ዝመስል ህዝቢ ኤርትራ መታሕቱን ከበስኡን ኣስላሙን ክርስትያኑን ንዝመጽእ ብሰላምን ብፍቕርን ተወሃሂዱ ዝነብረሉ ኩነታት ኣልዒልና ምስ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን፣ ምስ ኤርትራዊ ፈደራላዊ ምንቅስቓስን ብዙሕ ኣኼባታትን ምይይጣትን ኣካይድና ኢና። ንዝመጽእ ትኣማሚናን ቀሲንናን ንኽንነብር እንታይ ክንገብር ከም ዝግበኣና ብጽቡቕ መንፈስን ብምትእምማንን ተኸባቢርና ምርድዳእ እንተዘይኮይኑ ከኣ ነዚ ዝርኤን ዝስማዕ ን ዘሎ ጽሑፋትን ክስታትን ዝድግፍ ክሲ ኮነ ወቐሳ ኣይሰማዕናን። ሎሚውን እዚ ዝፈልሕ ዘሎ ጽሑፋት ንረብሓ ኹልና ስለዘይኮነ ከኣ ጸላኢ ኣብ መንጎ ኣትዩ ከየማዕ በሎን ከየሳወሮን ከሎ ጠጠው ክብል ንኹልኹም ደቂ ሃገር ብኣኽብሮት እልምን።